Department of Education
GOVERNMENT OF WESTERN AUSTRALIA

# ንክፍሊታት/Years 11ን 12ን ምምራፅ

## ንወለዲን ሓልየት ውሃብቲን መረዳእታ

ተማሃሮ ኣብ ዩኒቨርስቲ ትምህርቲ ክቕጽሉ ድሌት ክህልዎም ይኽእል፤ ተወሳኺ ኣስተምህሮን ስልጠናን ዘድልዩ ሓደ ንጹር/ፍሉይ ዝኾነ ሞያ ኣብ ኣእምሮኦም ክህልዎም ይኽእል፣ ወይኻዓ ድሕሪ ቤት ትምህርቲ ምውድኦም ናብ ሥራሕ ሓይሊ ክኣትዉ  ድሌት ይህልዎም። ኣ ብክፍሊታት/Years 11ን 12ን ንዘለዉ ተማሃሮ ናብ ዩኒቨርስቲ፤ ስልጠናን ሥራሕን  ዘእትው ብዙሓት መሰጋገሪ መንገድታት ዝዳለው ብዙሕ ዝተፈላለዩ ሰፋሕቲ መማረጺታት ኣለዉ።

### ንክፍሊታት/Year 11ን 12ን ተማሃሮ ዝኸውን ናይ ኮርሲን ፕሮግራምን መማረጺታት

| መማረጺ | መግለጺ |
|---|---|
| **ATAR courses (ናይ ኤታር ኮርሲታት)** | ናይ ኣውስትራሊያ ሳልሳይ ደርጃ መእተዊ ደረጃ (ATAR) ኮርሲታት ብፍላይ ኣብ ኣካዳሚክ ትምህርቲ ዘጠመተ እዩ። ተማሃሮ ናብ ATAR ንክበጽሑ ብውሑድ ናይ ኣርባዕተ ዓመት 12 ATAR ኮርሲታት ክጠናቐቑ ኣለዎም። ዋላ እኳዕ ብመብዛሕትኡ ንዩኒቨርሲቲ ትምህርቲ ንምእታው ተባሂሎም ይውሰዱ እንተኾኑ ናይ ATAR ኮርሲታት ንዝተፈላለዩ ድሕረ-ቤት ትምህርቲ መንገድታት፤ ንሥራሕ ሞያ ስልጠናታት ዘኻተተ ማለት'ዩ፣ ብጣዕሚ ጽቡቕ መዳለዊታት እዮም። |
| **General courses (ሓፈሻዊ ኮርሲታት)** | እዚኦም ኮርሲታት ብቐዳምነት ዝተደለየሉ ምክንያት ድሕሪ ቤት ትምህርቲ ብፍላይ ብዝበለጸ ናይ ሥራሕ ሞያ ስልጠና ክኣትዉ ወይኻዓ ናብ ሥራሕ ክኣትዉ ዕላማ ንዝገበሩ ተማሃሮ እዩ። ሓፈሻዊ ኮርሲታት ከም'ቶም ናይ ATAR ኮርሲታት ዘድሊ ወጽኣዊ/ወጺኻ ፈተና ኮፍ ምባል ኣየድልዮን፤ የግዳስ ኣብ ክፍሊ/Year 12 ውሽጢ ካብ ሚእቲ 15 ኢድ ንተማሃሮ ሓፈሻዊ ገምጋም መግበሪ ብወጻእ ዝተዳለዎ ግደታዊ ሥራሕ ኣለዎ እዩ። ተማሃሮ ናብ ገለ ዩኒቨርሲቲ ኮርሲታት ከም መማረጺ መእተዊ ምሰጋገሪ ንገለ ካብ'ዞም ሓፈሻዊ ኮርሲታት ክጥቀሙሉም ይኽእሉ እዮም። |
| **Foundation courses (መሰረታዊ ኮርሲታት)** | እዚ ተማሃሮ ቅድሚ ክፍሊ/Year 12 ምውድኦም ብምንባብን ምጽሓፍን ከምኡ'ውን ቍፅሪ ትምህርቲ ክዕለት ዝተሓተ መልክዒ ክረኽቡ ደገፍ ንዘድልዮም ተማሃሮ ተባሂሉ ዝወጸ እዩ። እዞም ኮርሲታት ጠመት ዝገብሩዎ ኣብ'ቶም መዓልታዊ ንጥቀመሉም ናይ ምንባብን ምጽሓፍን ከምኡ'ውን ቍፅሪ ትምህርቲ ክዕለት፤ ተግባራዊ ምስ ሥራሕ ዚተዛመደ ተመኩሮን ከም'ኡ'ውን ንህወት ናብራን ንሥራሕን ጠቓሚ ዝኾነ ግላዊ ክዕለት ንክማሓየሽ ዕድል ምሃብን እዩ።<br>Foundation courses |

D22/0034038
9/02/2022
cc BY Exclusions may apply

| | |
|---|---|
| | ፈተናታት የብሎምን፤ ኣብ ክፍሊ/Year 12 ካብ ሚእቲ 15 ኢድ ካብ’ቲ ንተማሃሮ ቤት ትምህርቲ መሰረት ዝገበረ ናይ ኮርሲ ገምጋም ፍተሻ ዝሕሰብ ብወጻእ ዝተዳለዎ ግደታዊ ሥራሕ ኣለዎ። |
| **Endorsed programs (VET ሞያዊ ብቕዓታት)** | ተመሃሮ ሃገራዊ ተቀባልነት ዘለዎ ሥራሕ ሞያ ትምህርቲን ስልጠናን (VET) ሞያ የጠናቕቑ። VET ክእለትን ፍልጠን ኣብን ንቦታ ስራሕን ይሃንጽ። ተማሃሮ ናብ ናይ ወስተርን ኣውስትራሊያ ምስክር ወረቐቲ ትምህርቲ (WACE) ኣቲዩ ክቊፀር VET ሞያ ክጥቐሙሉ ይኽእሉ። . |
| **Endorsed programs (ዝተፈቐደሎም/ዝጸደቑ ፕሮግራማት)** | ዝተፈቐደ ፕሮግራማት ዝውሃቦ ትምህርቲ ብናይ WACE ኮርሲታት ወይኻዓ ብ VET ፕሮግራማት ዘይተኻተተ ሥራሕቲ ኣቢሉ እዩ። ዝተፈቐደ ፕሮግራማት ነቶም ኣብ ብዝተፈላለዩ መሳለጥያታት ኣብ ቤት ትምህርታት፤ ሥራሕ ቦታታት፤ ዩኒቨርሲቲታትን ማሕበረሰብ ድርጂታት ኣብ ዝውሃቡ መደባት ክሳተፉ ዝደልዩ ተመሃሮ እዩ። ዝተፈቐደ ፕሮግራማት ከም ቤት ትምህርቲ ስርዓተ ትምህርቲ ወይኻዓ ብወጻእ ዝወሃብ ንጥፈታት ከም ሓደ ኣካል ኣቢሉ ክወሃቡ ይኽእሉ፣ ተማሃሮ ኸኣ ናብ WACE መታን ክሕሰቡሎም ክጥቀሙሎም ይኽእሉ እዮም። |
| **Preliminary courses (መባእታዊ/መዳለዊ ኮርሲታት)** | መባእታዊ/መዳለዊ ኮርሲታት ነቶም ናይ ምምሃር ጸገም ከምኡ’ውን/ወይኻዓ ብኣእምሯዊ መጉዳዕቲ ንዝተፈልጡ ተማሃሮ ተባሂሉ ዝወጸ ንድፌ እዩ። እዚኦም ኮርሳት ምትዕርራይን/ወይ ንስንክልና ዝሕግዝ ነገራት ብምግባር ነቶም ኤታር፣ ሓፈሻዊ ወይ መሰረታዊ ትሕዝቶ ኮርስ ክቐርበሎም ወይ ክረኽብዎ ዘይከኣሉ ተመሃሮ ኣማራጺታት ይቕርበሎም።<br>መባእታዊ ኮርሳት ዩኒትስ ናብ ምውዳእ WACE ኣበርክቶ ኣይገብሩን እዮም። |


D22/0034038
9/02/2022
Exclusions may apply